# ዓድዋ

እምበር ንባዕዳዊ መግዛእቲ
ንደጋውያን ገዛእቲ
እምበር ንጭቆና ፀዓዱ
ንመርገፅቲ ፀለምቲ፣
ኢልኪ ዝወላዕክዮ
ሽግ ሓርነት
ኣይፋል ኢልኪ ዘናኸስክዮ
ፈላማይ ርችት
ፅንዓት ኮይኑስ
ፅንዓት ኣውሪሱ
ኒሕ ኮይኑስ
ሓርነት ኣንጊሱ
መረዋሕ ኮይኑስ
ንገዛእቲ ኣባህሪሩ
ክታም ታሪኽ ፂሒፉስ
ንባዕዳውያን ኣሕፊሩ

ዓድዋ!
ድርኩኺትኪ ክኀብጡ
ክሳብ ኣፍንጨኦም ተዓጢቖም
ኣምበርኪኾም ክገዝኡኺ
ብትምክሕቲ ተዋሒጦም
እንተ ንስኺ ግን መሰረት ፅንዓት
ኀልቢብኪ ትሰዲ ካባ ስዕረት።

**ጌታቸው አረጋዊ።**